# መዓልቲ ሙታን

If we believe that Jesus died and rose, God will bring forth with him from the dead those also who have fallen asleep believing in him.

> ንብባት: 1ቆሮ 15፡20-23፥ (ሮሜ 5፡5-11/6፡3-9)፥ ፩ዮሓ 3፡1-12፥ ግ.ሓ. 10፡34-43፥ዮሓ 6፡37-40.
>
> ምስባክ፡ ተዘከር እግዚኦ ከመ መሬት ንሕና ሰብእሰ ከምሣዕር መዋዕሊሁ ወከመ ጽጌ ገዳም ከማሁ ይፈሪ።

ሎሚ መዓልቲ ኵሎም ሙታን ተባሂሉ ብፍላይ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ብዝያዳ ብካቶሊካውያን ዝዝከር ዕለት እዩ። መዓልቲ ኵሎም ሙታን ወይ ኵለን ነፍሳት ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣጀማምርኡ ሓደ ነጋዲ ካብ ንግደት ኢየሩሳሌም ንዓዱ ክምለስ እንከሎ ብማዕበል ተገፊዑ ኣብ ሓንቲ ደሴት ተገሊፉ ወጺኡ ኣብኡ ሓደ ባሕታዊ ረኺቡ። እቲ ባሕታዊ ብዛዕባ ኣብ ንስሓ ቦታ ዝሳቐያ ነፍሳትን ከምኡ ጸሎት መነኮሳት ብፍላይ ኣብ ክሉኒይ ዓዲ ፈረንሳይ ዝርከቡ ብዝያዳ ከም ዝሕግዘን ነጊርዎ። እዚ ዓዱ ምስ ተመልሰ ኣብ ገዳም ሓላፊ ንዝነበረ ቅዱስ ኦዲሎ ብዓል ክሉኒይ ብ999 ዓ.ም ምስ ነገሮም ተጀሚሩ ቀስ ብቐስ ኣብ ኩሉ ተዘርጊሑ። ኣብ ሮማ ኣብ 14 ክፍለ ዘመን ብዕሊ ተቐባልነት ረኺቡ። ኣብ ኵሎም ላቲናዊ ስርዓት ዝኽተሉ ኅዳር 2 መዓልቲ ሙታን ተባሂሉ ቅዳሴ ይዓርግ ከምኡ ኣብ መቓብር ብምኻድ ጸሎትን ዕምባባታትን የንብሩ።

ኣብ ምስራቕ ኦርቶዶክስ ኣብ ዓመት ኣብ ዝተፈላለይ እዋን የብዕልዎ ብፍላይ ቀዳም ቀዳም ምኽንያቱ ኢየሱስ ኣብ ከርሲ መሬት ዝውዓለላ ዕለት ስለ ዝኾነት ብፍላይ ቀዳም ስዑር ንኵሎም ሙታን ዘኪሮም የሕልፍዎ። ኣብ ሃገርና ንሙታን ኣብ ዓሱር ኣርብዓ መንፈቕ ዓመት እናበልና ንዝክር እምበር ብፍሉይ ንኵሎም ሙታን ዝብል ፍሉይ ዕለት እንዝክሮ የብልናን ግን ኣብ ገለ ብሄራት ንእብነት ኣብ ብኄረ ብለን "ታና" ብዝብል ንዝኽሪ ኢሎም ጸበል የስትዩ።

ኣብ ምሉእ ዓለም ብሞት ንዝሓለፉ ምዝካር ፍሉጥ እዩ ብዝተፈላለየ ኣገባብ በብዓዱ ይዝክሩ። ኣብ ክርስትና እንገብሮ ብዘየገድስ ፍቕሪ ኣምላኽ ኵሉ ጊዜ ኣብ ቦትኡ ኣሎ። ተግባራትና ሕማቕ እንከሎ ኣምላኽ ካብ ምፍቃርና ኣየቋርጽን እዩ። ነዚ መሰረት ገርና ወላእኳ ገለ ካባና ከምቲ ዝድለ ክርስትያናዊ ሕይወት ኣይምርሑ እምበር ኣብ ፍቕሪ ኣምላኽ መሰረት ገርና ምእንትኦም ንጽሊ።

ኣብ እምነትና ቤተ ክርስትያን ብሰለስተ ዓይነት ሰባት ዝቖመት እያ። ፩ያ "ተጋዳሊት/ተዋጋኢት ቤተ ክርስትያን" (the Church Militatn) ኣብዚ ዓለም ብሕይወት ዘሎና ጌና ኣብ ጉዕዞ እንርከብ። ፪ይ "ዝተዓወተት ቤተ ክርስትያን" (the Church triumphant) ምድራዊ ሕይወቶም ወዲኦም ኣብ መንበር ክብሪ ምስ ኣምላኽ ዝርከቡ ቅዱሳን። ፫ይ "እትሳቐ ቤተ ክርስትያን" (the Church Suffering) እዚኦም ከአ ዝሞቱ እንተ ኾነ ዓቢ ኃጢአት ዘይገበሩ ኣብ ንስሓ ቦታ ዝርከብ ካሕሳ ኃጢአቶም ምስ ወድኡ ቅድሚ ኣብ ሰማይ ምእታዎም ዝጽበዩ ዘለዉ። ሎሚ ነዚኦም ኢና ዘኪርና ዘሎና።

ኣብ እምነትና ኣርባዓተ ናይ ሰብ መፈጸምታታት ኣለዉ ንብል፡ ሞት፥ ፍርዲ፥ መንግስተ ሰማይ፥ ግሃነም እሳት። ንስሓ ቦታ ካብዚኦም ኣይሕሰብን እዩ ምኽንያቱ ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና ንስሓ ቦታ ክፍሊ መንግስተ ሰማይ እዩ። ንስሓ ቦታ ስም ከም ዝሕብሮ ቅድሚ መንግስተ ሰማይ

ምእታው ዘንጽሕን ዘሰናዱን እዩ። እተን አብ ንስሓ ቦታ ዝኸደ ነፍሳት ዓቢ ኃጢአት ዘይገበራ ግን አብ መንግስተ ሰማይ ብቐጥታ ክአትዋ ምሉእ ምንጻሕ ዘይብለን ዝጸንሓሉ እዩ። ቅድሚ አብ መንገስተ ሰማይ ምእታወን ምንጻሕ የድልየን ምኽንያቱ አብ ራእይ ዮሓንስ ከምዝብሎ "እቶም አብቲ ናእቲ ገንሸል መጽሓፍ ሕይወት ዝተጻሕፉ ደአ እምበር ገለ ርኽሰት ወይ ዜጸይፍን ሓሶትን ዚገብር ዘበለ ናብአ ኸቶ አይክአቱን እዩ፡ (ራእ 21፡27)።

ገለ ክርስትያን ንትምህርቲ ብዛዕባ ንስሓ ቦታ ዘይቅበሉ አለዉ ምኽያቱ ንስሓ ቦታ ዝብል አብ ቅዱስ መጽሓፍ ተጠቒሱ አይንርብኽቦን ይብሉ። ግን አብ ስላሰ ንአምን ይብሉ ስላሴ ዝብል ግን አብ ቅዱስ መጽሓፍ አይንረክብን ኢና። ከምቲ አብ ስላሴ ዘሎና እምነት ብመሰረት አብ ቅዱስ መጽሓፍ እንበጽሖ ግን ዘይ ጥቀስ ከምኡ ኸአ ብዛዕባ ንስሓ ቦታ ካብቲ አብ ቅዱስ መጽሓፍ እንረኽቦ ክንርድኦ ንኽእል።

አብቲ እሙንን ዘይእሙንን አገልጋሊ ዝብል ምሳሌ ከም እንረኽቦ ኢየሱስ ንሓዋርያት ክስብ መጨረሻ ፍርዲ እሙናት ኮይኖም ክጸንሑ ከምዘለዎም ክገልጽ እንከሎ ከምዚ እናበለ ዛዚምዎ "እቲ ፍቓድ ጎይትኡ ፈሊጡ ዘይተዳለወ ከምታ ፍቓዱውን ዘይገበረ አገልጋሊ ብዙኅ መግረፍቲ ኺግረፍ እዩ። እቲ ኸይፈለጠ ንመግረፍቲ ዜብጽሕ ግብሪ ዝገበረ ግና ሒደት እዩ ዝግረፍ፥ ብዙኅ ንዝሃብዎ ብዙኅ ይደልይዎ ብዙኅ ንዘማዕቆብዎ ኸአ አብዚኖም ይደልይዎ እዮም" (ሉቃ 12፡ 47-48)። አብዚ ከም እንርእዮ እቲ መጨረሻ ፍርዲ ገሃነም እሳት ወይ መንግስተ ሰማይ እዩ ግን እቶም ብምሉእ አብ መንግስተ ሰማይ ክአትዉ ዝአክል ግብሪ ዘይብሎም ወይ አብ ገሃነም እሳት ዘደርቢ ክፉእ ግብሪ ዘይብሎም ዝሓልፍዎ እዩ ንስሓ ቦታ ተባሂሉ ዘሎ። ነቲ ጎዲልዎም ዘሎ ዝመልኡሉ ዝሓውዩሉ ቅድሚ ንመንግስተ ሰማይ ምእታዎም ዝገብርዎ እዩ።

ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባዚ ከስተምህር እንከሎ ክርስትያን ከምቲ ብዙሓት ሃነጽቲ አብ ሓደ ሕንጻ ዝወፍሩ እዮም ንሶም አብቲ መሰረት ሕንጻኦም ዝኾነ ክርስቶስ ብዝተፈላለየ መጋበሪ ይሃነጹ ይብል። ገሊኦም ብወርቂ፥ ገለ ብንሓስ፥ ገለ ብምሩጽ እምኒ፥ ገለ ብዕንጨይቲ፥ ገለ ብጭቃ፥ ገለ ኸአ ብሓሰር። አብ መጭረሻ ፍርዲ ነፍሲ ወከፍ በበቲ ዝሃነጾ ብሓዊ ክፍተን እዩ ይብል "እቲ አብ መሰረት ሃኒጹ ዕዮኡ ዝጸንዓሉ ሰብ ዓስቡ ኪቕበል እዩ። ዕዮኡ ዝነደዶ ሰብ ግና ዓስቡ ኪስእን እዩ። ንገዛእ ርእሱ ኺድኅን እዩ ግናኸ ከምቲ ብሓዊ ኃሊፉ ዚድኅን እዩ" (፩ቆሮ 3፡ 14-15) ይብል። ከመይ ኢሉ ነፍሲ ድሕሪ ፍርዲ ክትሳቐ ይክአል እሞ ክትድሕን ይክአል? እቲ መልሱ "ንስሓ ቦታ" ንብሎ።

ቅ. ዮሓንስ ክርስትያን ክልተ ኃጢአት ክፍጽም ይኽእል ይብለና፡ ዓቢ ኃጢአት ምስ አምላኽ ዘሎና ርክብ ዘቋርጽ ዝቀትል፥ ንእሽቶይ ኃጢአት ግን ንርክብና ዘይቀትል ግን ዘሕምም፥ "ሓደ ንኃዉ ናብ ሞት ዘየብጽሕ ኃጢአት ኪገብር እንተ ረአዮ ይጸልየሉ፥ አምላኽ ከአ ሕይወት ኪህቦ እዩ፥ እዚ ነቶም ናብ ሞት ዘየብጽሕ ኃጢአት ዚገብሩ እዩ ዝርኢ። ናብ ሞት ዘብጽሕ ኃጢአት አሎ 'ይጸልየሉ' ዝብል ዘሎኹ ብዛዕባ እዚ አይኮነን። ክፉእ ሥራሕ ዘበለ ኹሉ ኃጢአት እዩ እንተ ኾነ ናብ ሞት ዘየብጽሕ ኃጢአት እውን አሎ" (፩ዮሓ 5፡16-17)። አመንቲ ብዘይ ኃጢአት ዝሞቱ ንመንግስተ ሰማይ ይኸዱ። አመንቲ ምስ ዓቢ ኃጢአት ዝሞቱ ንግሃነመ እሳት ይኸዱ። እቶም ምስ ንእሽቶይ ኃጢአት ዝሞቱ ድአ አበይ ይኸዱ? እቲ መልሲ አብ ንስሓ ቦታ ይኸዱ። አብኡ ቅድሚ አብ መንግስተ ሰማይ ምኻዶም ነቲ ዘይነጽሑሉ ንእሽቶይ ኃጢአት ይነጽሑ።

ወላ እኳ ካቶሊካውያን አብ ንስሓ ቦታ ይእመኑ ከምኡ ከኒሻ ይኽሓድ ግን ብዘይ ዕላዊ አዋጅ ኩልና ንአምን ኢና እዚ ኸአ አብቲ ሓደ እንፈትዎ ሰብና ብሞት ክፍለየና እንከሎ ኵልና ምእንቲ

ዝሞተ ንጽሊ። ኵልና “መንግስተ ሰማይ የዋርሶ/ሳ። ነፍሱ/ነፍሳ ይምሓር ንብል። ኣብ ግሃነም እሳት ከይዶም እንተ ኾኑ ስለምንታይ ንጽልየሎም ወላ እውን ኣብ መንግስተ ሰማይ ከይዶም እንተ ኾኑ ጸሎትና ኣየድልዮምን እዩ ስለዚ ኣብ ሓደ ውሱን እዋን ጸሎትና ስለ ዘድልዮም ኢና እንጽሊ ስለዚ ንስሓ ቦታ ከምዘሎ ኵልና ንኣምን ኢና። ኵሎም ሙታን ኣብ ምልእ ሓድነት ምስ ኣምላኽ ዘይበጽሑ ጸሎትና የድልዮም እዩ፥ በዚ ምኽንያት ኢና ምእንቲ ሙታን እንጽሊ።

ሓ/ት/ክ/ ቤተ ክርስትያን ኣብ 1030-1032 ኣነጺሩ ይዛረበሉ “ኣብ ናይ ኣምላኽ ጸጋን (ዕርክነትን) እንከለዉ ዝሞቱ ክንሶም ግና ኣጸቢቆም ዘይተነስሑን ዘይተናጽሑን እውን ድኅነቶም ዘረጋገጹ እዮም። እንተኾነ ብድሕሪ ሞቶም ብናይ ምንጻሕ መስርሕ ኪሓልፉ እሞ እቲ ናብ ታሕጓስ መንስተ ሰማይ ንምእታው ኣድላዪ ዝኾነ ቅድስና ኪጭብጡ ናይ ግዲ እዩ። እዚ ኣብ ኅሩያን ዝፍጸም ካብ ናይ ዝተኾነኑ መቕጻዕቲ ኣዝዩ ዝተፈልየ ናይ መወዳእታ መስርሕ ምንጻሕ ቤተ ክርስትያን ፡ንስሓ መንጽሒ (ቦታ ንስሓ) ክትብሎ ትሰምዮ። ቤተ ክርስትያን ነዚ ብዝርኢ ኣብ ጉባኤ ፍሎሬንስን ትሬንቶስን ኣነጺራቶ እያ። ትውፊት ቤተ ክርስትያን ድማ ንገሊኡ ጹሑፋት ቅዱስ መጽሓፍ ብምንጽጻር ብዛዕባ እቲ እሳት መንጽሒ ይዛረብ።

ከም ካቶሊካውያን ሓድነት ኵሎም ቅዱሳን ንኣምን እዚ ኸኣ ነቶም ኣብ መንግስተ ሰማይ ዘለዉ ዝተዓወቱ፥ ነቶም ኣብ ንስሓብ ቦታ ዘለዉን ነዞም ኣብ ጉዕዞ ሕይወት ዘሎና ዘጠቓልለ እዩ። ብጸሎት ነነድሕድና ክንተሓጋገዝ ንኽእል ኢና። እቶም ኣብ ንስሓ ቦታ ዘለዉ ናይ ምንጻሕ ግዚኦም ክፍጽሙ ብጸሎት ሓገዝና የድልዮም። ኣብ ፪ይ መጽሓፍ መቃብያን 12፡38-ፍ ዘሎ እንተ ኣንበብና “ይሁዳ መቃቢስ ገዛኢ እስራኤል ገንዘብ ኣኪቡ ምእንቲ ኅድገት ኃጢአት መስዋዕቲ ምእንቲ ከዕርግሉ ናብ ኢየሩሳሌም ሰደዶ። ምእንቲ እቶም ኣብ ውግእ ዝሞቱ ናይ ካሕሳ መስዋዕቲ ምእንቲ ኃጢአቶም ኣዕሪጎም. . . ምእንትዚ እቶም ዝሞቱ ካብ ኃጢአቶም ሓራ ምእንቲ ኽኾኑ ኅድገት ኃጢአት ዚርከበሉ መሥዋዕቲ ኣዕረገ” ዝብል ነንብብ።

ድሕሪ ሞት ዘሎ ኵነት ዝገልጽ ኣብ መጽሓፍ ጥበበ ሰሎሞን 3፡1-9 ዘሎ እንተ ኣንበብና “ናይ ጻድቃን ነፍሳት ኣብ ኢድ ኣምላኽ እየን ዝኾነ ስቓይ ዘበለ ክኣ ኣይክትንክፎምን እዩ፥ ብኣረኣእያ ዓያሹ ቅኑዓት ሰባት ዝሞቱ ይመስሉ ይኾኑ፥ ካብዚ ዓለም እዚ ምኅላፎም ከኣ ዕንወት መሲሉ ይርአ ይኸውን፥ ግናኸ ንሳቶም ኣብ ሰላም እዮም ዘለዉ” ዝብል ነንብብ። ኣሕዋት ዘፍርሕ የብልናን ምኽንያቱ ብሞት ሓሊፎም ዘለዉ ኵሎም ሰብና ብዝበለጸ ኣብ ኢድ ኣምላኽ እዮም ዘለዉ።

ኣብዚ ዓለም እንከለዉ ከም ኩልና ድኽመት ጉድለት ከምኡ ንኣይ ይጥዓመኒ. . . ዝኣመሰለ ፈተና ነርዎም እዩ ስለዚ ንሕና ኣባላቶም ኢና ክንጽልየሎም ዝግብኣና። ብጸሎት ጥራሕ ኢና ኸኣ ክንሕግዞም እንኽእል እዚ ልዕሊ ኹሉ መስዋዕቲ ቅዳሴ ብምዕራግ ክንገብሮ ንኽእል ምኽንያቱ ኣብ ቅዳሴ ዝለዓለ ርክብ ምስ ኣምላኽ ስለ እንገብር። ክርስቶስ ብሥግኡን ነፍሱን መልኮትን ኣብ መንጎና ስለ ዝሓድር እሞ ንሕና ክንቅበሎ ከሎና ዝለዓለ ሱታፌ ምስኡ ስለ እንገብር ምእንቲ እቶም ብሞት ዝሓለፉ ክንጽሊ ዝበለጸ ጸሎት እዩ። ካልእ ሰናይ ተግባራት ክንገብር ንኽእል ብስሞም ንጽጉም ክንሕግዝ፥ ምጽዋት ክንህብ ከምኡ ብስሞም ኣብ ኵሉ ሰናይ ክንወፍር እንከሎና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዓስቢ ኣለዎ።

እዚ ዕለት ብሞት ንዝሓለፉ ጥራሕ ዘይ ኮነ ንኣና ብሕይወት ዘሎና እውን መልእኽቲ ኣልኦ። ኵልና ካብታ ዝተወለድናላ ዕለት ጀሚርና ጉዕዞ ሞት ምስተተሓሓዝናዮ ኢና ግን ምኣስ ከም እንመውት ኣይንፈልጥን ኢና። ኢየሱስ ዕለቱን ስዓቱን ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ ተሰናዲኹም ጽኑሑ ይብለና። ጎይታኹም ብዘይሓሰብኽምዎ ዕለት ከይመጽኣኩም ኵሉ ጊዜ ተሰናዲኹም

ጽንሑ ንቅሑ ይብለና። ድሕሪ ሞት ምስንዳው የለን። ነፍስወከፍና መገዲ ሰማይ ሒዝና ክንጉዓዝ ይግብአና። ናብራ ዓለምን ሰይጣንን መሊኾምና ከለዉ ሞት ክትመጽአና እንከላ "ወደይ/ጓለይ ብሕይወት ተድላኻ ከም ዝተቐበልካ/ኪ ዘክር" (ሉቃ 16፡1931) ክብለና እዩ።

ሰባት ዘንጋዕቲ ኢና ናብራ ዓለም ከምኡ ሥጋና የዘንብለና ንልብና አዕዊሩ ንመገዲ ጸጋም ጥራሕ ከም እንሕዝ ዝገብር ከቢድ ፈተና አሎ ስለዚ ብእዋኑ ርእስና አብ መገዲ አምላኽ ክነትሕዝ ክንረባረብ አሎና። እና ተዛነኻ መንግስተ ሰማያት አይትእተውን እያ። እሞ ሎሚ ጉዕዞ ሕይወትና ከመሎ? ሎሚ አምላኽ እንተ ጸውዓኒ ከመሎኹ ከምቲ እሙንን ቅኑዕን አገልጋሊ "አብ ሓጎስ ጎይታኻ እቶ" መተበሃልኩ እናበልና ንርእስና ንርአ።

ኦ መሓሪ አምላኽ ድኽመተይን ክፍአተይን አለልየ ዝኽእለሉ ጸጋ ዓድለኒ ተነሲሐ ቅዱስ ሕይወት ከምርሕ ምሳይ ኩን ዕለተ ሞተይ አብ ዝበጽሓሉ ከአ ንስኻ እትደልዮ መገዲ ሒዘ ክርከብ ሓግዘኒ ንበሎ።

ንኹሎም ካብዚ ዓለም ብሞት ዝሓለፉ ዘለዓለማዊ ሕይወት የውርሰልና ንአና ኸአ ሰላምን ፍቕርን አንጊስና እሙናት አገልገልቲ እንኾነሉ ጸጋ ይዓድለና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ